# ካርዲ ናጻ ጊዜ 2024

ካርዲ ናጻ ጊዜ (Fritidskort) ኣብ ሞንጎ ውልቀ ተዋሳእቲ፣ ሳንደፍዩርድ ኮሙናን ናቭን ታሓባቢርካ ዝሳለጥ እዩ። እዚ መስርሕ እዚ ኣብ ትሑት ቁጠባዊ ኩነታት ንዘለዉ ስድራቤታት ብፍላይ ንቖልዑን መናእሰይን ኣብ ንጥፈታት ባህሊን ናጻ ጊዜን ክሳተፍሉ ዝሓሸ ዕድል ንኸረኽቡ ዘራጋግጽ እዩ።

## ካርዲ ናጻ ጊዜ ዲጂታላዊ ምግባር

ድሕሪ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2021 ኣብ ጉዳይ 065/21 ዝተገበረ ፖለቲካዊ ውሳኔ፣ ሕጂ ካርዲ ናጻ ጊዜ ዲጂታላዊ ክኾን ተገይሩ እዩ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ እቲ ቅድም ክብል ኦፐሌቨልሰ-ኮርት (Opplevelseskort) ዝባሃል ዝነበረ ንገዛ ርእሱ ካርዲ ናጻ ጊዜ (Fritidskort) ተባሂሉ ክስየም ብሓደ ተወሲኑ እዩ። ካብ ጥሪ 2023 ጀሚሩ ካርዲ ናጻ ጊዜ ዲጂታላዊ ኮይኑ እዩ።

## ተጠቀምቲ

ካርዲ ናጻ ጊዜ ዝዕደል ኣብ ትሑት ቁጠባዊ ኪነታት ንዘለዉ ካብ 2 ስጋብ 18 ዓመት ዕድመ ንዝኾኑ ቆልዑን መናእሰይን ዘለዉወን ስድራቤታት እዩ። ኣብ 2024 እቲ ኮሙና ዝዕድሎ 600 ካርድ ክህልዎ እዩ። እዚ ዝዕደል ሓደ ካርዲ ንሓደ ቆልዓ ወይ መንእሰይ ብዝብል ስልሒት እዩ። ሓደ ስድራቤት ክንደይ ካርዲ ከምዝረክብ እናተገምገመ እዩ፣ እንተኾነውን ብዙሓት ቆልዑት ዘለዉዎም ስድራቤታት ልዕሊ ሓደ ካርዲ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

## እዚ ንምርካብ ከመይ ተመልከቱ?

እቲ መመልከቲ /ማመልከቻ/ ካርዲ ናጻ ጊዜ ናብ ናቭ (NAV) እዩ ዝቐርብ ። ኣብ ታሕቲ ሓንቲት ናይ መመልከቲ ቅጥዒ ኣላ እያ። እዛ ቅጥዒ ንቐደም ክትሕተም (ተጸሒፋ ክትወጽእ) ኣለዎ፣ ብድሕሪኡ'ውን ምስ ተወሳኺ ሰነዳት (ዶኩመንት) ጌርካ ናብ ናቭ ይዋሃብ። ምስ ተወሳኺ ሰነድ (ዶክመንት) ዘይቀረበ መመልከቲ /መመልከቻ/ ተቐባልነት ኣይህልዎን እዩ። እቶትኩምን ወጻኢኹምን ዘርኢ ተወሳኺ ዶክመንት (ሰነድ) ምስቲ መመልከቲ ብሓባር ክቐርብ ኣለዎ። ብኣካል ናብ ናቭ ንምብጻሕ ኣድራሻኡ እዚ እዩ:- Søeberggate 3, 3211 Sandefjord.

ቅጥዒ መመልከቲ /ማመልከቻ/ ካርዲ ናጻ ጊዜ 2024:- (PDF, 247 kB)

## ናይ ምዕዳል መምዘኒታት /መዐቀኒታት/

ጥራሕ ቁጠባዊ ኩነታት ናይቲ ስድራቤት ዘይኮነስ፣ ዝተፋላለዩ ማሕበራዊ ጉዳያት እውን ኣብ ግምት ምእታው ጉቡእ እዩ፣ ስለዙይ እቲ ምዕዳል ካርዲ ክልቲኡ ቁጠባዊን ማሕበራዊን መምዘኒታት ታሓሳቢ ዝገበረ እዩ። ምስ ህዝባዊ ነርሲን፣ ቤት ትምህርቲን፣ ቤት ትምህርቲ ህጻናትን፣ ግልጋሎት ድሕነት ህጻናትን (ባርነ-ቫርን) ብምትሕብባር ነቶም መመልከቲታት ተቐቢሉ ካርዲ ናጻ ጊዜ ዝዕድል ናቭ እዩ። እታ ካርዲ ተገልግል ንሓደ ዓውደ-ኣዋርሓዊ ዓመት እያ።

## ካርዲ ናጻ ጊዜ ምስረኽብኩም

ካርዲ ናጻ ጊዜ ምስረኽብኩም ኣብ sandefjord.friskus.com ኣቲኹም ፕሮፋይል ክትሰርሑ ኣለኩም። ኣብዚ ንትኬታት፣ ዕድላት፣ ኣካፋፍላ ክፍሊት ኣባልነትን፣ ዝኣምሰሉን መእተዊ ክትረኽቡ

ኢኹም። ካብቲ ካርዲ ዝታዓደልኩሙሉ ጊዜ ስጋብ እቲ ካርዲ ኣክቲቭ ዝኸውን /ዝሰርሕ/ ስጋብ 7 ናይ ስራሕ ማዓልቲ ክወስድ ይኽእል እዩ።

**ካርዲ ናጻ ጊዜን ፍሪስኩስን (Friskus) ሒዝኩም ከመይ ክትኣትዉ ከምትኽእሉ ዘረድኣኩም ስእላዊ መምርሒ ኣዳሊና ኣለና።**

ፕሮፋይል ከመይ ከምተዳልዉን ካርዲ ናጻ ጊዜኻ ከመይ ክተሰርሖ ከምትኽእሉን፡- (PDF, 5 MB)

ናይ ኣባልነት ክፍሊት ከመይ ከምትኽፍሉን ንንጥፈታት ዘድልየኹም ኣቑሑት ወይካዓ ንኻልኦት ንጥፈታትን ከመይ ከምተመልከቱን፡- (PDF, 3 MB)

ናይ ናጻ ቲኬታትኩም ከመይ ከምትጥቀሙ፡- (PDF, 4 MB)
ንዝተወሰነ ጊዜ ትጥቀሙሉ ንኣቑሑትን ገለ ንጥፈታትን ክተመልከቱ ትደልዩ ዲኹም? በቲ ናትና ቅጥዒ (ፎማ) ኣቢልኩም ክትልእኹ ትኽእሉ ኢኹም።

ብግዝያዊነት ንኣቑሑትን ገለ ንጥፈታትን መመልከቲ ዝኾን ቅጥዒ

ናትኩም ሒሳብ (ኮንቶ) ንኽተዳልዉ ወይካዓ ብዛዕባ ኣጠቃቕማ ካርዲ ናጻ ጊዜ ክትፈልጡ ናባና መጺኹም ሓገዝ ትረኽቡሉ ስሩዕ ጊዜ ኣሎ እዩ።

እዋናዊ ሓገዝ ፍሪስኩስ ጊዜታት (ናይ ዓውደ-ኣዋርሕን ክፍለ-ጊዜን ሊንክ)

ካርዲ ናጻ ጊዜኹም ብዝምልከትዶ ሕቶ ወይካዓ ድሌት ሓገዝ ኣለኩም?
እንተለኩም ናብዚ ኣድራሻ ኢ-ሜይል ላኣኹ፡- fritidskort@sandefjord.kommune.no

## ትሕዝቶ

ካርዲ ናጻ ጊዜ፣ ንንጥፈታት ናጻ ጊዜን ንዝተፋላለዩ ዓይነታት ናጻ ቲኬታትን መኽፈሊ ዝኸውን ገንዘብ ኣብ ውሽጡ ዝሓዘ እዩ። ትሕዝቱኡ'ውን ካብ ዓመት ናብ ዓመት ቁሩብ ክፋላለን ምስቶም ዝተፋላለዩ ናይ ዕድመ ጉጅለታት እውን ዝማዓራረን እዩ። ኣብ ፍሪስኩስ ኣብ ዘሎ ፕሮፋይልኩም፣ ብዛዕባ ኣብ ካርድኹም ዝርከብ ትሕዝቶ እዋናዊ ሓበሬታ ክህሉ እዩ።

**ትሕዝቶ 2024:**
ናጻ ቲኬታት መርኣዪ ሲኔማ ኣብ ያርተንስ ኩልቱር-ሁስ (Hjertnes kulturhus) ።
ናጻ ትኬታት ኣብቲ ኮሙና ንዘለዉ ዝተፋላለዩ ባህላዊ ተሞኩሮታትን ንጥፈታትን።
ናጻ ቲኬታት ናብ ሳንደፍዩርድ መሐምበሲ ኣዳራሽ።

**ተወሳኺ እቲ ካርዲ ዝሸፍኖ:**
ንንጥፈት ኣብ ሓደ ማሕበር ወይ ናይ ልምምድ ማእከል፣ ናይ ኣባልነትን ልምምድን ክፍሊት።

ብመሰረት መምርሒ እቲ ማሕበር ኣብ ዋንጫን ካልኦት ምድላዋትን ንዝግበር ተሳትፎ።
ንኣቑሑት፣ ብፍላይ ምስቲ ንጥፈት/ኣባልነት ዝተታሓሓዙ ኣቑሑት።

## ጋንታታት፣ ማሕበራትን፣ ካልኦት ዕድል ዋሃብቲን

ብኮሙና ዝድገፉ ጋንታታትን ማሕበራትን መስርሕ ካርዲ ናጻ ጊዜ ክቕበላ ጉቡኣን እዩ። ኣብዚ መስርሕ ክሳተፉ ዝደልያ ካልኦት ተዋሳእቲ ግን ናይ ባዕለን ኣበርክቶ ባዕለን ክውስና ይኽእላ። ሓደ ሰብ ጋንትኡ ወይ ማሕበሩ ኣብ ሳንደፍዩርድ ፍሪስኩስ (Friskus) ክምዝግብ ኣለዎ።

ዌብሳይት፡- sandefjord.friskus.com

## ሽም ዕላዊ ዘይምግባርን ሓበሬታ ናይ ምዕቃብ ጉቡእነትን

ካርዲ ናጻ ጊዜ ኣብ ምጥቃም እቲ ኮሙና ብጣዕሚ ቢሮክራሲያዊን ንምምሕዳሩ ሕልኽላኽ ዘይኮነ መስርሕ ክሃንጽ እንከሎ፣ ምስኡ ኻዓ መንነት ወናኒ እቲ ካርዲ ንኻልኦት ዝታዓቀበ (ምስጢር) ክኾን ኣለዎ።

ናቭ ጥራሕ እዩ ብዛዕባ እቶም ተጠቀምቲ መንነት ኣፍልጦ ዘለዎ። ጋንታታት፣ ማሕበራት፣ ናይቲ ቲኬት ሰራሕተኛታትን ካልኦት ምስቶም ተጠቀምቲ ግድን ዝራኸቡ ኣካላትን፣ ነቶም ተጠቀምቲን ናይቲ ካርዲ ጉዳይን፣ ሓልዮት ብዝተመልኦን ብናጻ ምርጮኦምን ከታኣናግዱዎም ይግባእ። ተጠቀምቲ ኣባላት ናይ ጋንታታትን ማሕበራትን ንክኾኑ እቲ ካርዶም ኣብ ምዝገባ ክጥቀሙሉ እንከለዉ፣ በቲ ልሙድ ዝኾነ ኩነት እዩ ዝካየድ፣ እንተኾነ ብጣዕሚ ውሑዳት ዝኾኑ፣ ንኣብነት ናይ ስራሕ ሓላፊን /ወይ ታሓዚ ገንዘብ፣ እቲ ካርዲ ናጻ ጊዜ ሒዙ ዘሎ ሰብ ባዕሉ እቲ ኣባል ምዃኑ ክፈልጡ ኣለዎም።

## ናይቲ መስርሕ ምሕደራ

ኣፍልጦን ርድኢትን ናይቶም ተቐበልቲ ካርዲ ዘለዎ ናቭ እዩ። ኩሎም መመልከቲታት /ማመልከቻታት/ ብናቭ እዮም ዝግምገሙ። ኣድራሻ ምብጻሕ ናቭ-ሳንደፍዩርድ እዚ እዩ:- Søeberggate 3, 3211 Sandefjord.

ካርዲ ናጻ ጊዜ ብጉቡእ ይሰርሕ ከምዘሎ ዝካታተልን፣ ኣብቲ ካርዲ ውሽጢ ዘሎ ትሕዝቶ ክካታተል ሓላፍነት ዘለዎን ክፍሊ ባህሊ ሳንደፍዩርድ ኮሙና እዩ። ምስ ተጠቀምቲ/ትካላት ንምርኻብ፣ እዋናዊ ሓበሬታ ንምቅይያር፣ ናይ ናጻ ቲኬታት ንምጥቃም፣ ከምኡውን ንኽፍሊት ኣባልነት/ንጥፈት ደገፍ ንምርካብ፣ ካርዲ ናጻ ጊዜ ብቐንዱ ዝጥቀመሉ ኣብዚ ዌብሳይት እዚ እዩ፡- sandefjord.friskus.com